books2ebooks.eu

Scuole elementari della Missione svedese in Eritrea
Tron, Alessandro

# Consigli ai maestri e programma d'insegnamento / Scuole elementari della Missione svedese in Eritrea

Asmara : Tipografia della Missione svedese
1917

eBooks from your library by
eBooks on Demand

digitised by
Kungliga Biblioteket
National Library of Sweden

# EOD – Millions of books just a mouse click away! In more than 10 European countries!



**Thank you for choosing EOD!**

European libraries are hosting millions of books from the 15th to the 20th century. All these books have now become available as eBooks – just a mouse click away. Search the online catalogue of a library from the eBooks on Demand (EOD) network and order the book as an eBook from all over the world – 24 hours a day, 7 days a week. The book will be digitised and made accessible to you as an eBook.

## Enjoy your EOD eBook!

- Get the look and feel of the original book!
- Use your standard software to read the eBook on-screen, zoom in to the image or just simply navigate through the book
- *Search & Find*: Use the full-text search of individual terms*
- *Copy & Paste Text and Images*: Copy images and parts of the text to other applications (e.g. word processor)*

* Not available in every eBook.

## Terms and Conditions

With the usage of the EOD service, you accept the Terms and Conditions provided by the library owning the book.

- Terms and Conditions: http://books2ebooks.eu/odm/html/nls/en/agb.html

## More eBooks

Already more than 30 libraries in over 12 European countries offer this service.
Search books available for this service: http://search.books2ebooks.eu
More information is available at http://books2ebooks.eu

78Ev

*Scuole Elementari della Missione Svedese*

*in Eritrea.*

# CONSIGLI AI MAESTRI

e

# PROGRAMMA D'INSEGNAMENTO

ASMARA
Tipografia della Missione Svedese.
1917.

Sv 24/455

Kungl. biblioteket
0 0000 000038199

*Scuole Elementari della Missione Svedese*

*in Eritrea.*

# CONSIGLI AI MAESTRI

e

# PROGRAMMA D'INSEGNAMENTO

ASMARA
Tipografia della Missione Svedese.
1917.

## PREFAZIONE.

Questi consigli, a voi maestri, mi sono stati dettati dal solo desiderio di veder progredire l'opera che ci sta a cuore e cioè l'avanzamento religioso, morale ed intellettuale del vostro popolo.

„L'istruzione degli indigeni è doverosa missione di civiltà" ammonisce in una sua circolare del 31 Dicembre u. s. S. E. il Governatore.

Orbene la nostra Missione Evangelica che 50 anni fa, cominciò l'opera sua con l'apertura di una scuola, e che n'ha di poi aperte e mantenute altre in tutti i paesi della Colonia dove le è stato possibile, vuol far di tutto per condurre le anime che le sono affidate, alla salvezza in Cristo per la vita avvenire, e verso la luce della civiltà per la vita presente.

Asmara, Marzo 1917

Alessandro Tron.

ኣብ፡ ኤሪትሬያ፡ ንዘለዉ፡ ትምህርቲ፡ ቤታውቲ፡ ማሕበር፡ ስዊደስ፡

---

# I.

## ንመምህራን፡ ዚኸውን፡ ምኽሪ፡

፩፡ ምውሳን፡ ትምህርቲ። ብዙሐት፡ ትምህርቲ፡ ንተማህሮ፡ ንባብኒ፡ ጽሕፈትኒ፡ ብሐደ፡ ቋንቋ፡ ጥራይ፡ ምምህር፡ እዚ፡ ሐደ፡ መንደዚ፡ ጥራይ፡ ከምዝኾነ፡ ይመስሎም። ከምዚ፡ ዚሐስብ፡ ምስትምህር፡ ካብ፡ ኣብ፡ ዓለም፡ ዘሎ፡ ሰዩ፡ ኩሉ፡ ቀሊል፡ ከምዝኾነን፡ መምህር፡ ንምኺን፡ ድማ፡ ብዕልኻ፡ ምንባብኒ፡ ምጽሐፍኒ፡ ከምዚእክል፡ ከይኑ፡ ይረአዩ፡

እቶም፡ ሐሳብ፡ ትምህርቲ፡ ዘይኣተዎም፡ ከምዚ፡ እንተሐሰቡ፡ ቀሊል፡ ነገር፡ እዩ። መምህራን፡ ከምኡ፡ እንተሐሰቡ፡ ግና፡ ስንፍና፡ እዩ።

ሐደ፡ መምህር፡ እንተለ፡" ኣነ፡ ምንባብኒ፡ ምጽሐፍኒ፡ እፈልጥ፡ ንዕዮይ፡ ዚእክል፡ ጥበብ፡ ኣሎኒ፡ ዝገደደ፡ ስንፍና፡ እዩ። ንርእሱ፡ ይጉድእ፡ ከመይ፡ ነቲ፡ ዝረኸበ፡ ፍልጠት፡ ብጥቕሚ፡ ዘለዎ፡ ትምህርቲ፡ ኪውስኸሉ፡ ኣይደለን።

ንተማህርኡ፡ ኣይጠቕሞምኒ፡ ከመይ፡ ካብ፡ ንጕሆ፡ ሒዙ፡ ክሳዕ፡ ምሸት፡ ንባብኒ፡ ጽሕፈትኒ፡ ጥራይ፡ ኪምህ

ሮም፡ ሀርድግ፡ ኪብል፡ ይውዕል። ሐደ፡ መዓልቲ፡ ከምዚ፡ ኢሎም፡ ምስ፡ አሕለፉ፡ ድማ፥ ካብቲ፡ ቀድሚኡ፡ ዝነበረ፡ መዓልቲ፡ ገለ፡ ዜሐሾም፡ እንተ፡ ተማሂሮም፡ ንርእሱ፡ አ ይኪምርምራን፡ እዩ።

አብ፡ ሐደ፡ ክፍሊ፡ አፍራስኒ፡ ገለ፡ አኽላባትኒ፡ ብ ብዙሕ፡ ትዕግስቲ፡ ተማሂሮም፡ ምንባብ፡ ከምዝኽአሉ፡ (ማ ለት፡ ቀለማት፡ ፊደል፡ ምልላይ፡) ገለ፡ ምቍጻር፡ ከምዝፈ ለጡ፡ ድሐር፡ ድማኒ፡ በእጋሮም፡ እናሀረሙ፡ ከምዘፍለጡ፡ አንበብኩ።

ብትዕግስቲ፡ እቶም፡ ዘስተምሀርዎም፡ ድማ፡ ገረመ ኒ፥ እንተ'ኸነ፡ የልኩ፡ ንምንታይ፡ ይጠቅም፡ ረአዩ፡ እንተ፡ ሐሲሞም፡ እንተቐድዮም፡ እቶም፡ አፍራስ፡ ከም፡ ቀደሞ ም፡ አፍራስ፡ እዮም፡ እቶም፡ አኽላባት፡ ከአ፡ አኽላባት። ደጊም፡ ንባብኒ፡ ጽሒፈትኒ፡ ምፍላጥ፡ እንተደአ፡ እቶም፡ እተማህርዎ፡ ከምዘሐሾም፡ ገይሮም፡ ኬውዕልዎ፡ እንተ ኸአሉን፡ መራሒ፡ መገዲ፡ ንብረቶም፡ እንተ'ኸነን፡ አው ራ፡ ነገር፡ እዩ፥ እንተ'ኸነ፡ ንገለ፡ ነገር፡ እንተዘይጠቐመ፡ ቅሩብ፡ ሐደው፡ ከአ፡ ከንቱ፡ ነገር፡ እዩ።

ስለዚ፡ አብ፡ ትምህርቲ፡ ቤት፡ ዚድለ፡ ምምህርኒ፡ ምዕባይኒ፡ እዩ።

ምምህር። ነቶም፡ ደቂ፡ ገለ፡ ፍልጠት፡ አብ፡ ንሀይ ወቶም፡ ኪጠቅም፡ ዚኽእል፡ ምንጋር።

ምዕባይ፡ ቈልዐ፡ ማለት፡ አበታቶም፡ ጽቡቕ፡ ድሌ ት፡ ከምዚብርትዕ፡ ምድላይ፡ እቲ፡ ክፉእ፡ ከአ፡ ከምዚጠ

ፍእ፡ ጌርካ፡ ከተሕሾም፡ ምግዳል። ቤት፡ ትምህርቲ፡ ንገለ፡ ፍሉያት፡ ወገን፡ ሰብ፡ ጥራይ፡ ከምዝኾነ፡ ዚጠቅም፡ ምሕሳብ፡ አይግባእን። ንካህናት፡ ኮነ፡ ንጭዋታት፡ ንኹሉ፡ እናሐሸካ፡ ምኻድ፡ ዚጠቅም፡ እዩ፡ ሰለዚ፡ ትምህርቲ፡ ንኹሉ፡ ይጠቅም።

፱፡ መዚ፡ መምህር። አብ፡ ላዕሊ፡ ከምዝበልና፡ መታን፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ ፍሬ፡ ኪርከቦ፡ ሐደ፡ ንፉዕ፡ መምህር፡ ኪምዘዞ፡ አዝዩ፡ ዜድሊ፡ እዩ። ጠባይቲ፡ ሕያዋይ፡ መምህርን፡ መዙን፡ አየኖት፡ እዮም፡ 1) ቅድሚ፡ ኩሉ፡ ግድነትኒ፡ ቅድስና፡ እቲ፡ ኪፍጽሞ፡ እተጸውዖ፡ ዕዮን፡ ኬስተውዕል፡ ይግብኦ። እዚ፡ ምስትውዓልዚ፡ ግዳ፡ እዩ፡ ናይ፡ ሥርዓት፡ መዓርግ፡ ኪገብር፡ አይኮነን፤ እንተኾነ፡ ግና፡ ዓስቢ፡ ዕዮኡ፡ እንታይ፡ ከምዝኾነ፡ ኬስተውዕል።

እቲ፡ መምህር፡ ናይ፡ ፍቕሪ፡ መልእኽቱ፡ አብ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ ንምፍጻም፡ ዘስተውዕሎ፡ እዞም፡ ዚስዕቡ፡ መዝታት፡ ኪህልውዎ፡ ይግባእ፤

ቅንአት። እቲ፡ አቦ፡ ዓበይትን፡ ብርቱዓትኒ፡ ዕዮ፡ ዝኾነ፡ ዕንቅፋት፡ ዘይፈርህኒ፡ ድኻም፡ ዘይስዕሮን፡ እዩ።

ትግሃት። ፍሬ፡ ትምህርቲ፡ ካብቶም፡ ሸዓ፡ ኢሎም፡ ዚበስሉ፡ ፍረ፡ አይኮነን፡ አብ፡ ገለ፡ ተመሃሮ፡ ከይተርኤ፡ ነዊሕ፡ ዓመት፡ የጸቢ፡ አብ፡ ገሊኦም፡ ድማ፡ ክን፡ ከይተርኤ፡ ዚተርፍ፡ ይመስል። አብ፡ ቅድምዝን፤ ከልአት፡ ብዙሓት፡ ዕንቅፋትን፡ እቲ፡ መምህር፡ ወሰን፡ ዜብሉ፡ ትዕ

ግስትን፡ ትግሃትኒ፡ ዘይመልኣ፡ እንተ፡ ኾነ፡ ቶሎ፡ ሕልን
ኡ፡ ይዓርብ።

ፍቶት፡ ትምህርቲ። ምስላ፡ ታለንትዶ፡ ትዝክሩ፤ ነቲ፡
እተቐበሎ፡ ህያብ፡ ኪውስኽሉ፡ ዘይደለ፡ እቲ፡ ዝነበሮ፡
ሐደ፡ ታለንት፡ ድማ፡ ተገድፎ፡ ንህኩይ፡ መምህር፡ ትም
ህርቲ፡ ዘይፈቱ፡ ድማ፡ ከምኡ፡ እዩ። ንሱ፡ ብዕዮኡ፡ ታ
ሕቲ፡ ከይኑ፡ ይተርፍ፡ እቲ፡ ቀሩብ፡ ዝነበሮ፡ ክእለት፡
ድማ፡ ሸዓ፡ ኢሉ፡ ይጠፍእ። አብ፡ ክንድኡ፡ ግና፡ እቲ፡
ዚምህር፡ አብ፡ ርእሲ፡ ትምህርቱ፡ ንተማህርኡ፡ መመሊ
ሹ፡ ዚጠቅምኒ፡ ዜንቅሕኒ፡ ምምህር፡ ምኽአል፡ ይረክብ፡

---

## II፡

### ምህሮ። አውራ፡ መራሕቲ፡ መገዲ።

፩፡ ናይ፡ ቃል፡ ትምህርቲ። ምህሮ፡ ክንደይ፡ ድኻም፡
ከምዜምጽእ፡ ዘየስተውዕሉን፡ አውራ፡ ዕዮ፡ ትምህርቲ፡ ነ
ቶም፡ ተመህሮ፡ ምንባቦም፡ ጥራይ፡ ከምዝኾነን፡ ከም
ኡ፡ ገይሮም፡ ድማ፡ ብዙሕ፡ ከምዜጽንዑን፡ ብዙሓት፡
ዚመስሎም፡ ከምዘለዉ፡ አቐዲመ፡ ኢለ፡ አሎኹ። ሐቂ፡
እዩ፤ አንቢብካ፡ ብዙሕ፡ ከምዚጽናዕ፡ እንተ፡ ኾነ፡ ነዚ፡
አቐዲምካ፡ ንባብ፡ ምምህር፡ የድሊ። እዘም፡ ከምዚ፡ ዝበ
ሉ፡ ድማ፡ ነቶም፡ ተመህሮ፡ ጥራይ፡ ምንባቦም፡ ይሕስቡ፤
እቲ፡ ዘንበብዎ፡ ድማ፡ አስተውዒሎምዎን፡ ጥቕሚ፡ ረኺ
ቦምሉን፡ እንተ፡ ኾይኖም፡ እኳ፡ አየስተንትኑን። እቶም፡

ተመሀሮ፡ ዝበለጸ፡ ቊልዑ፡ እንተኾኑ፡ ባዕላቶም፡ ኬስተ ብሀሉን፡ ኪሓስቡን፡ ዓቕሚ፡ የብሎምን፡፡ እቲ፡ መምሀር፡ መመለሺ፡ ኪብል፡ ይግብኦ፤ ደቀይ፡ እዚ፡ ከመይ፡ ጽቡቕ፡ ከምዝኾነ፡ ትርእዩዶ፡ አሎኹም፤ እዚ፡ ሐደ፡ ኸአ፡ ከመይ፡ ከምዝኾነ፡ ተስተብሀሉዶ፤ ብዛዕባዚ፡ ዘንበብናዮውን፡ ሕሰ ቡ፡፡ ጽቡቕድዩ፡ ዚብል፡ ይመስለኩም፤ አብዚ፡ ዘንበብና ዮ፡ ድግምኬ፡ እከለ፡ ነፊዑዶ፡ ይመስለኩም፤ ንስኻትኩም ኬ፡ ምመሰልኩምዎዶ፤ ከምዚ፡ እነሐንሳእ፡ ብሕቶ፡ እነ ሐንሳእ፡ ርእሰ፡ ነገር፡ ብምግላጽ፥ እቲ፡ መምህር፡ በብቑ ፋብ፡ ነቶም፡ ተመሃሮ፡ ነቲ፡ ዘንበብዎን፡ ዝሰምዕዎን፡ ከም፡ ዚሐስቡን፡ ከምዜስተውዕሉን፡ ንምግባር፡ ይልመድ፥ ነቲ፡ ዝረአይዎ፡ ድማ፡ ምስትብሀል፡፡ እቲ፡ መምሀር፡ ንተ መሀሮኡ፡ ዚበዝሕ፡ ትምህርቲ፡ ብቓሉ፡ ዚህቦም፡ ካብዚ፡ ይመጽእ፡ [ማለት፡ ምሰታቶም፡ ብምዝርራቡ፡፡]

፱፡ አብ፡ ትምህርቲ፡ ምዝርራብ፡ ከምዚግበእ፡ ብዙ ሐት፡ ይፈልጡ፡ እንተኾነ፡ ከም፡ ዚግበእ፡ አይገብርዎን፡፡ ንሳቶም፡ እቲ፡ ትምህርቶም፡ ባዕላቶም፡ ጥራይ፡ አኒሖም፡ ብምዝራቦም፡ ይፍጽምዎ፡፡ ነሳቶም፡ ከምዚ፡ ዚብሉ፡ ይ መስሉ፤ ስቕ፡ ኢልኩም፡ ተቐመጡ፥ ስቕ፡ በሉ፡ ደቀይ፡ አነ፡ ርእሰኹም፡ ብፍልጠት፡ ክመልኦ፡ ክጽዕር፡ እየ፥ እ ቶም፡ ተመሀሮ፡ ዳርጋ፡ ጥርሙዝ፡ መንቈርቆር፡ ጌርካ፡ ዚ ምላእ፡ ይኾኑ፡፡ አይኮነን፥ እቲ፡ ተመሃሪ፡ በእምሮኡ፡ ዝዓየዮን፡ ዝጸዓሮን፡ እንተ፡ ዘይኮይኑ፡ አየጽንዕን፡፡ መታን፡ እቲ፡ አእምሮኡ፡ ኪዐዩ፡ ምጥንቃቑን፡ ምንቕቃሑን፡ የ

ድሊ። እቲ፡ ዕጹብ፡ ዝኾነ፡ ትምህርቲ፡ እኳ፡ እንድሕ
ሪ፡ በቲ፡ እዋንቲ፡ አእምሮ፡ እቲ፡ ተመሀሪ፡ አብ፡ ከል
እ፡ ሐሳብ፡ ዘምቢሉ፡ ፍሬ፡ የብሉን። ስለዚ፡ ንተስተ
ምህርዎ፡ ተመሀራይ፡ ኵሉ፡ ካብቲ፡ እትምህርዎ፡ ትምህር
ቲ፡ ጥቕሚ፡ ከምዚረክብ፡ ጸዓሩ። ሕተቱ፥ ካብቲ፡ ግሉ
ጽ፡ ዝኾነ፡ ንብረት፡ ምሳሌ፡ ውሰዱ፡ ዝበለጸ፡ ነገር፡ ግና፡
መዕረፊ፡ ብዜብሉ፡ ዘረባ፡ ነገርኩም፡ አይተኑሑ። ዝግ፡ እ
ናልኩም፡ ንገሩን፥ እቲ፡ ዝበልክምዎ፡ ንተመሀሮኹም፡ ድ
ገሙሉምኒ፥ እቶም፡ ተመሀሮ፡ እቲ፡ እተባህለ፡ ከምዘስተ
ውዓልዎ፡ አጸቢቕኩም፡ ከየርገጽኩም፡ አብ፡ ካልእ፡ እይ
ትሕለፉ።

፫፡ እቲ፥ መምህር፡ ኪምህር፡ ከሎ፡ ነቶም፡ ሰማዕቲ፡
ንምፍላጡ፡ ዘይኽብዶምኒ፡ አዝዩ፡ ቀሊል፡ ዘይኮነን፡ ኪው
ስን፡ ይግብኦ። እቶም፡ ተመሀሮ፡ ናእሽቱ፡ እንተኾኑ፡
እቲ፡ ምህሮ፡ ንሳቶም፡ ከምዜስተውዕልዎ፡ ፈኵሽ፡ ኪኸ
ውን፡ ከምዚግባእ፡ ምዝካር፡ የድሊ። እቲ፡ ዚስትውዓል፡
ጥራይ፡ እዩ፡ ባህ፡ ዜብልኒ፡ ዚጠቅምኒ። አብ፡ ሐደ፡ ቤት፡
ትምህርቲ፡ እተወ። እቲ፡ መምህር፡ እቶም፡ ተመሀሮ፡
ዜስተውዕልዎ፡ ነገር፡ እንተ፡ ተዛረበ፡ ከኦ፡ ኵላቶም፡ ጽን፡
ኪብሉ፡ ምርኤኹምዎም። አብ፡ ክንድዚ፡ ግና፡ እቲ፡ ም
ህሮ፡ ብዓቕን፡ አእምሮኦም፡ እንተዘይኮነ፡ ኪድቅሱ፡ ኪጻ
ወቱ፡ ኬዕልሉ፥ ሐደው፡ ድማ፡ ጸናጹ፡ ኬማዕድው፡ ምሬ
ኤኹምዎም፡

ደጊም፡ ንመምህር፡ እቲ፡ ትምህርቱ፡ አብ፡ ንፋስ፡

ኪድርቤ፡ ካብ፡ ምርአይ፡ ዚገድድ፡ ጓሂ፡ የልቦን፡፡ ሻቦጥ፡
ብምውጥዋት፡ ድማ፡ ንተመህራይ፡ መታን፡ ኪጥንቀቕ፡
ብምፍርራህ፡ ዜግብሮ፡ አይምሰሎ፡፡ ሻቦጥ፡ ንፋዕ፡ መም
ህር፡ ከይኑ፡ አይፈልጥኒ፡፡ ስለዚ፡ እቲ፡ መምህር፡ ባህ፡
ዜብል፡ ትምህርቲ፡ መታን፡ ኪገብር፡ አዱም፡ ተመህሮ፡
ኪጥንቀቑን፡ ካብቲ፡ ምህሮኡ፡ ብዙሕ፡ ጥቕሚ፡ ኪረኽቡን፡
ብምርአይ፡ ኪሕጐስ፡ አብ፡ ትምህርቱ፡ ተዳልዩ፡ ኪመ
ጽእ፡ ከምዚግበአ፡ አይረስዕ፡፡ የሱስ፡ ዝገበሮ፡ ነስተብ
ህል፡ አብ፡ ዙርይኡ፡ ገፈፍቲ፡ ዓሳን፡ በረኸኛትን፡ ክ
ምዝነበሩ፡ ምስርኤ፡ ግሉጽ፡ ዝኾነ፡ ምሳሌ፡ እቑመ፡
ይምህሮም፡ ነበረ፡ ከም፡ እኒ፡ ዘርኢ፡ ከም፡ እኒ፡ ፍሬ፡ አ
ድሪ፡ ከም፡ እኒ፡ ማይ፡ ብሑቕ፡ ከም፡ እኒ፡ መግፈና፡ ዓሳ፡
ቀዋሚ፡ ቀንዴልኒ፡ ከምኡ፡ ዚመስልኒ፡፡

፬፡ ከምቲ፡ አብ፡ ላዕሊ፡ ተባሂሉ፡ ዘሎ፡ እንተደአ፡
ኾነ፡ ምህሮ፡ ናይ፡ ሐቂ፡ ዕዮ፡ እዩ፡ ንመምህር፡ ጥራይ፡
ድማ፡ አይኮነን፡ ንተመሃሪ፡ ከአ፡ እምበር፡ ከም፡ ኰሉ፡ ዕ
ዮውን፡ የድክም፡፡ ደጊም፡ ንድኻም፡ ተመሃሮ፡ ዚቃወ
ም፡ ክልቲ፡ ፈውሲ፡ አሎ፤ ቀዳማይ፡ እቲ፡ ትምህርቲ፡ በበ
ይኑ፡ ዓይነት፡ ምኧን፡፡ ሐደ፡ ከፍ፡ ኢሉ፡ ዚዓዩ፡ እንተ፡
ተዛወረ፡ ዕረፍቲ፡ ይኾኖ፡ ሐደ፡ ብምዝዋር፡ ዝደኸመ፡
ግና፡ ከፍ፡ ብምባል፡ ይዓርፍ፡፡ አብ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡
ከምኡ፡ ግበሩ፡፡ ተመሃራይ፡ ምንባብ፡ እንተደኸመ፡ አ
ጽሕፍዎ፡ ብምጽሓፍ፡ እንተረብረበ፡ ድማ፡ አቑጽርዎ፡
ከምኡ፡ እናገበርኩም፡ አበራብርዎም፡፡ እንተኾነ፡ ሐደ፡

ቀጠንቂቑ፡ ጽን፡ ዚብል፡ ተመሀራይ፡ ድሕሪ፡ ክንደይ፡ እ
ዋን፡ ኪደክም፡ ይኽእል፡ ሐደው ድማ፡ እንተበልና፡
ሐደ፡ ዐይነት፡ ትምሀርቲ፡ ክሳዕ፡ ክንደይ፡ ኪድንጐ፡ ይግ
ባእ፡ እቶም፡ ንፋዓት፡ መማሀራን፡ ንሐደ፡ ዓይነት፡ ትምሀ
ርቲ፡ ካብ፡ 45፡ ሚኑት፡ ኪድንጐ፡ ግቡእ፡ አይኮነን፡ ይብ
ሉ። እዚ፥ ጥራይ፡ ድማ፡ አይኮነን፡ እቶም፡ ንፋዓት፡ መ
ማሀራን፡ አብ፡ መንጎ፡ ክልቴ፡ ዓይነት፡ ትምሀርቲ፡ ገለ፡
ሚኑት፡ ዕረፍቲ፡ የድሊ፡ ድማ፡ ይብሉ፡ እዮም። እንተ
ኾነ፡ በተን፡ ቀረባት፡ ሚኑታት፡ እቶም፡ ተመሀሮ፡ ካብ፡
ቤት፡ ትምሀርቲ፡ ኪወጹ፡ ግዲ፡ ዜድሊ፡ አይኮነን። አብ፡
ክንድኡ፡ ግና፡ ነቶም፡ ቈልዑ፡ ሐደ፡ መዝሙር፡ ብምዝ
ማር፡ እቲ፡ ሚኑት፡ አብ፡ ዜሐጕስ፡ ነገር፡ ይውዕል።

፰፡ ብዛዕባቲ፡ እቶም፡ ቈልዑ፡ ኬጽንዕዎ፡ ዚግባእ፡
መጽናዕቲ፡ ብዙሐት፡ መምሀራን፡ ብዘይ፡ ዐቐን፡ ይገብር
ዎ። ንሳቶም፡ ብቓል፡ አጽኒዕካ፡ ጥራይ፡ ትምሀርቲ፡ ከም፡
ዚርከብ፡ ይሐስቡ፥ ስለዚ፡ ድማ፡ ነቶም፡ ተመሀሩኦም፡ ብ
ዙሕ፡ ገጽ፡ ብቓሎም፡ ኬጽንዕዎ፡ ብምሀቦም፡ ዐቕሎም፡
የጽብቡሎም፥ ምናልባሽ፡ ድማ፡ ካብቲ፡ ዘጽንዕዎ፡ ገለ፡ እ
የስተውዕሉሉን። እቲ፡ ብቓልካ፡ ዚጽናዕ፡ ግና፡ እንተድ
ኣ፡ ቅድም፡ ካብ፡ መምሀር፡ ተነቢቡን፡ ሐሳቡ፡ ተገሊጹን፡
ተመሀራይ፥ ክእ፡ አስተውዒልዎ፡ እንተኾይኑን፡ ዚጠቅ
ም፡ እዩ። እቲ፡ ብቓል፡ ክእ፡ ዚጽናዕ፡ ሐጺር፡ ኪኸውን፡
የድሊ።

## III፡

### ሕጊ፡ አመሀሀሪ።

እዚ፡ ዚስዕብ፡ ሕጊ፡ ትምህርቲ፡ ካብ፡ አኼባ፡ መራ ሕተ፡ ማሕበር፡ ቅቡል፡ እዩ፡ ብዛዕባ፡ ምህሮ፡ ቤት፡ ትም ህርቲ፡ ሀገረ፡ ሰብ፡ ድማ፡ እዩ፡ ዚነክእ።

ብኽልተ፡ ዓመት፡ ድማ፡ ተወሲኑ፡ አሎ።

### I ዓመት።

ንባብ፡ ፊደል፡ ብቛንቋኻን፡ ጽሕፈትን፡ ምዝንታው። ዛንታ፡ መጽሐፍ፡ ቅዱስ፡ ካብ፡ ብሉይ፡ ኪዳን፡ መምህር፡ ብቓሉ፡ የዘንትዎ።

ትምህርቲ፡ ምቍጻርኒ፡ ጽብጽብትን፡ ክሳዕ፡ 100. ብ ቶም፡ አርባዕቲ፡ ስርዓት፡ ቍጽሪ።

### II ዓመት።

ንባብኒ፡ ምግላጽ፡ ሐሳብ፡" ንእሽቶ፡ ዛንታ፡ መጽ፡ ቅዱስ፡ "ብመልኡ፡ ንባብ፡ ወንጌልኒ፡ ግብሪ፡ ሃዋኒ፡ ብቛን ቋኻ። ጽሕፈትኒ፡ አተባህለን፡ (እናንገሩኺ፡ ምጽሐፍ፡) ብ ትግርኛ።

ንባብ፡ ፊደል፡ ጣልያንኒ፡ ጽሕፈትኒ።

ትምህርቲ፡ ቍጽሪ። ምቍጻርኒ፡ ጽብጽብትን፡ ክሳዕ፡ 1000፡ በቶም፡ አርባዕተ፡ ስርዓት፡ ቍጽሪ። (ምርባሕኒ፡

ምምቃልኒ፡ መርብሕን፡ መቓልን፡ ጥራይ፡ ሐደ፡ አሀዝ፡)
ምልላይ፡ እቲ፡ ፍሉጥ፡ ዝኾነ፡ መስፈራት።

ምፍላጥ፡ እቲ፡ አውራ፡ ነገር፡ ናይ፡ ዕዮ፡ ማሕረስኒ፡
ተኽልን።

መቃን፡ እቲ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ ከም፡ ሽሙ፡ ኪኸው
ን፡ እዚ፡ ንእሽቶ፡ ሕጊ፡ አመሃህራ፡ እዩ። ጌና፡ አብቲ፡ ጽ
ቡቕ፡ ፈቓድ፡ መማህራን፡ ድማ፡ ከንምልስ፡ ይግብአና፡ ከመ
ይ፡ አብዚ፡ እተባህለ፡ ሕጊ፡ አመሀህራ፡ ጥራይ፡ አይውሰን
ኒ፡ እንተኾነ፡ ካብኡ፡ ዚበዝሕ፡ ኪግበር፡ ይከአል፡ እዩ።

ከምዚ፡ ንምግባር፡ መቃን፡ ኪከአል፡ ከአ፡ አኼባ፡
መራሕቲ፡ ማሕበር፡ (ኮንፈረንሳ፡) እቶም፡ አብ፡ ሀገረ፡ ሰ
ብ፡ ዘለዉ፡ መማህራን፡ ትምህርቲ፡ መዓልቲ፡ ኪገብሩ፡ ዚ
ኾኑሎም፡ እንተኾነ፡ ድላዮም፡ እዩ። አብዚ፡ ትምህርትዚ፡
ካብ፡ 6፡ ዓመት፡ ንላዕሊ፡ ዝኾኑ፡ ቈልዑ፡ ኪመጹ፡ ይግባእ።
እቲ፡ ትምህርቲ፡ ምሸት፡ ግና፡ ነቶም፡ አኹላት፡ ጥራይ፡
ኪኸውን። እዚ፡ ድማ፡ ከምዚ፡ እዩ፡ እቲ፡ ትምህርቲ፡ ም
ሸት፡ ነቶም፡ ናእሽቱ፡ ብዙሕ፡ አይጠቕሞምን፡ ንሳቶም፡
እዋኖም፡ እንድሕሪ፡ ሐሊፉ፡ ትኽስ፡ ይስዕሮም።

ከምዚ፡ ዝበለ፡ ትምህርቲ፡ አብ፡ ሰሙን፡ ሐሙሽተ፡
መዓልቲ፡ እናመሀርካ፡ እንተ፡ በዝሐ፡ ሹድሽተ፡ ወርሒ፡
ኪድንጕ፡ ይግባእ።

አብ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ ኬድካ፡ ጥቕሚ፡ ንምርካብ፡
15፡ ሐደው፡ 20፡ ዓመት፡ ክሳዕ፡ እትገብር፡ ምድንጓይ፡
ዜድሊ፡ አይምሰልኩም፡ እቲ፡ ሸዓ፡ ዚጽንዖን፡ ዚጥዕምኒ፡

ኩሉ፡ ጊዜ፡ ዘበን፡ ንእስነትካ፡ እኳ፡ ደአ፡ እዩ፡ ማለት፡ ካብ፡6-15፡ ዓመት።

ስለዚ፡ አብ፡ ሐያሎ፡ ሀገር፡ ተመሀሮ፡ ተሳኢኖም፡ ሊልካ፡ ምምንናው፡ ከይኑ፡ ዘሎ፡ እቶም፡ መማህራን፡ ነቶም፡ ወለዲ፡ ደቂ፡ ሽድሽቴ፡ ዓመት፡ ከይተረፈ፡ እኳ፡ አብ፡ ትምህርቲ፡ ኪሰድዎም፡ እንተ፡ ዚመኽርዎም፡ ከምኡ፡ አይዖሽነን፡ ኢለ፡ እሐስብ።

ስለዚ፡ ነፍሲ፡ ወከፍ፡ መምህር፡ ከም፡ ፍልጠቱ፡ ነተዓባበይ፡ ደቂ፡ ዓዱ፡ ይሕሰብ። ነቶም፡ ንሱ፡ ዝበዓል፡ መዘምኒ፡ ንጥቅሚ፡ እታ፡ ቤት፡ ትምህርትን፡ ኩሉ፡ ሳዕ፡ ኪሐስብ፡ ይግብኦ። እዚ፡ ነታ፡ ማሕበር፡ ብዙሕ፡ ነገር፡ ንትምህርቲ፡ እትውፈ፡ ዘላ፡ ንሕሊንኡ፡ ዚግባእ፡ እዩ፡ ነቲ፡ ካብኡ፡ ብርሃን፡ አእምሮን፡ ነፍስን፡ ዝጽቤ፡ ዓዱ፡ ድማ፡ ግዲ፡ እዩ።

ሐደ፡ ጸሐፋይ፡ ነፍሲ፡ ወከፍ፡ መምህር፡ አብ፡ ዜስተምሀረሉ፡ ዓዲ፡ ከም፡ አብ፡ ዙርዩኡ፡ ዘሎ፡ ሆሉ፡ ዜብርሀ፡ እተተኮሰ፡ መብራህቲ፡ እዩ፡ ይብል። እንተ፡ ኾነ፡ ከምቲ፡ የሱስ፡ ዚብሎ፡ እዛ፡ መብራህቲ፡ እዚአ፡ አብ፡ ትሕቲ፡ ስጕርፍኡ፡ እንተ፡ ተኸወለት፡ ከመይ፡ ይኸውን፧

---

IV.

ናይ፡ በበይኑ፡ ዓይነት፡ ምህሮ።

ንባብ። ምህሮ፡ ንባብ፡ ክልተ፡ እተፈለን፡ በበይኑ፡ ዝዐይነቱን፡ እዋናት፡ አለዎ።

እቲ፡ ቀዳማይ፡ አተሐሒዝካ፡ ምንባብ፡ ማለት፡ እቲ፡ ብበይኑ፡ ዝኾኑ፡ ቀለማት፡ ፊደል፡ ምልላይ፡ ደሓር፡ ድማ፡ ቃል፡ ንምፍ᎐ን፡ ምስ፡ ተሐዋወሱ፡ ምንባቦም።

እዚ፡ ቀዳማይ፡ ክፍሊ፡ ንባብ፡ ብርቱዕ፡ አይኰነን፡ እሞ፡ ብዛዕብኡ፡ ድማ፡ ብዙሕ፡ ነገር፡ አይከመልክትኒ፡ እዬ። እቲ፡ መምህር፡ አዝዩ፡ ኪቕልጥፍ፡ እሞ፡ እቶም፡ ቈልዑ፡ ድማ፡ እቲ፡ እተማህርዎ፡ ፊደል፡ ንባቡን፡ ጽሕፈቱን፡ አጸቢቖም፡ ክይመለኽዎ፡ አብ፡ ክልእ፡ ኬሕልፎም፡ ክምዘይግብኦ፡ ጥራይ፡ ክብል፡ እዬ። ከመይ፡ እቶም፡ ቈልዑ፡ ንኹሉ፡ ቀለማት፡ ፊደል፡ ብመልኡ፡ አተኻኺሎም፡ ንባቡን፡ ጽሕፈቱን፡ እንተ፡ ፈለጡ፡ ጽቡቕ፡ ስርዐት፡ ይኸውን።

እቶም፡ ተመሀሮ፡ ብዘይ፡ ወቃእታእኒ፡ ምቕናይኒ፡ አጽርዮም፡ ምስ፡ አንበቡ፡ እቲ፡ ኻልአይ፡ እዋን፡ ንባብ፡ ይስዕብ። ካብዚ፡ ንድሕሪት፡ እቶም፡ ተመሀሮ፡ ባህሉ፡ ክይፈለጡ፡ ከቶ፡ ኬንብቡ፡ አይግብኦምኒ።

ስለዚ፡ ድማ፡ እቲ፡ አውራ፡ ዕዮ፡ መምህር፡ ካብዚ፡ ይጀምር፡ እንሐንሳእ፡ እቲ፡ ሐደ፡ ቓል፡ ይገልጸሎም፡ እንሐንሳእ፡ እቲ፡ እቶም፡ ተመሀሮ፡ ዘንበብዎ፡ ደጊሙ፡ ሐሳቡ፡ ይፈትሐሎም፡ እንሐንሳእ፡ ከአ፡ አብቲ፡ እቲ፡ መጽሐፍ፡ ዚብሎ፡ ኬቕልቡ፡ ይእምተሎም።

ከምኡ፡ እንተኾነ፡ እቲ፡ ንባብ፡ ይጠቅም፡ እቶም፡ ቈልዑ፡ ከአ፡ ነቶም፡ ጽቡቓት፡ መጻሕፍቲ፡ ይፈትውዎም፡ አንቢብካ፡ ኸአ፡ ብዙሕ፡ ዚጠቅምኒ፡ ጽቡቕ፡ ነገርኒ፡ ም

ምሀር፡ ከምዚከአል፡ ንምፍላጥ፡ ይበቕዕ።

አብቲ፡ ሕጊ፡ ቍሩብ፡ ኢጣልያ፡ ንምምሀር፡ ተደልዩኩም፡ ስለ፡ ዘሎ፡ ድማ፡ ከም፡ አውራ፡ ስርዐት፡ ዝኾነ፡ ነገር፡ ኢጣልያ፡ ከተስተምህሩ፡ ከሎኹም፡ እንተድአ፡ ኢጣልያ፡ ከተስተምህሩ፡ ደሌኹም፡ ብኢጣልያ፡ ምዝራብ፡ ተጋደሉ። አብዚ፡ ነገርዚ፡ ቋንቋኹም፡ ሐጋዚ፡ ጥራይ፡ ኪኾነኩም፡ ይግባእ። ከምኡ፡ እንተዘይ፡ ገበርኩም፡ ባዕልኹም፡ ንምሀሮኹም፡ እቲ፡ እትደልይዎ፡ ፍሬ፡ ኹሉ፡ ንምፍራይ፡ ከልከልቱ፡ ትኾኑ።

ምስማይ፡ ማለት፡ እቲ፡ ሰብ፡ ሐደው፡ እንስሳ፡ ዚመልክት፡ ቃላት፡ ዚከአል፡ እንተ፡ ኾይኑ፡ ብአካሉ፡ ምቓም፡ እንተድአ፡ ዘየሎ፡ ብምስሉ፡ ኪኸውን፡ ይግባእ።

ብዛዕባ፡ ጽሕፈት። እቶም፡ ተመሀሮ፡ ንባብ፡ ኪመሀሩ፡ ኸለዉ፡ ከምኡ፡ ድማ፡ ነቲ፡ ዘምበብዎ፡ ፊደል፡ አጸሐፍኡ፡ ምኽአል፡ ከምዚግብኦም፡ አቐዲመ፡ ኢለ፡ አሎኹ።

እቲ፡ መምህር፡ ምትኽኻል፡ እቲ፡ ፊደልን፡ ስርዐቱን፡ የስተብህል። አቓማምጣ፡ ሰብነት፡ እቲ፡ ተምሀራይ፡ ኪጽሕፍ፡ ከሎ፡ ኸአ፡ ይመርምር፤ ማለት፡ አፍ፡ ልቡ፡ አብ፡ ሰደቓ፡ ከየጐዝጐዘ፡ ትኽ፡ ኢሉ፡ እንተልዩ።

ብዛዕባ፡ ትምህርቲ፡ ቍጽሪ። ምሀሮ፡ ትምህርቲ፡ ቍጽሪ፡ ካብ፡ መጀመርይኡ፡ ሽዑ፡ ብዚስትውዐል፡ ነገር፡ ኪኸውን፡ ይግባእ፤ ማለት፡ ምሳሌን፡ እቲ፡ ተምሀራይ፡ ዚፈልጦ፡ ነገርኒ፡ እናገበርካ። ቍጽሪ፡ ክትጅምር፡ ከሎ

ኻ፡ ነቶም፡ ተመሃሮ፡ ኣብ፡ ክንዲ፡ ክሳዕ፡ ዐሰርተ፡ ቍጺ
ሩ፡ ምባል፡ ኣጻብዕ፡ ኣእዳውኩም፡ ሐደው፡ ድማ፡ እዘን፡
ዐተር፡ እዚኣን፡ ክንደይ፡ እዮን፡ እዘን፡ ጸጸር፡ እዚኤን፡
እዘን፡ ኣባጊዕ፡ እዚኤን፡ እዞም፡ ኣብዑርክ፡ ክምኡ፡ ብዚ
መስልኒ።

ስርዐት፡ ቍጽሪ፡ (ኦፔራስዮን)፡ ክተስተምህር፡ ምስ፡
እትደሊ፡ ድማ፡ ነንሐዲኡ፡ ፈፍሉይ፡ ምሳሌ፡ ምግባር።

ኣብ፡ ምእካብ፡ ከምዚ፡ ክትብል፡ ትኽእል፡ ሐደ፡ ሰ
ብኣይ፡ በ4፡ ፈረንክ፡ ሽኮር፡ ብኽልተ፡ ከኣ፡ ቡን፡ ዐደገ።
ክንደይ፡ ኣጥፍኤ፧

ኣብ፡ ምጕዳል፡ ሐደ፡ ሰብኣይ፡ 30፡ ፈረንክ፡ ነበሮ።
14፡ ፈረንክ፡ እንተ፡ ኣጥፍኤ። ክንደይ፡ ተረፎ፧

ኣብ፡ ምርባሕ፡ ሐንቲ፡ በጊዕ፡ 7ፈረንክ፡ እያ፡ ዋጋ
ኣ። ከምኡ፡ ንዘዋግኢን፡ 3 ኣባጊዕ፡ ንምዕዳግ፡ ክንደይ፡
ምጠፍኢ፧

ኣብ፡ ምምቃል፡ ሐደ፡ ነጋዳይ፡ ብ350 ፈረንክ፡ 5
እፍራስ፡ ዐደገ። ከክንደይ፡ ንሐደ፡ ከፈለ፧

ንነፍስወከፍ፡ ስርዐት፡ ቍጽሪ፡ ድማ፡ ብዙሕ፡ ምሳ
ሌ፡ ከምጽኣሉ፡ ምኽኣልኩ፡ እንተኼኑ፡ ነእምሮ፡ መምህ
ራን፡ ከም፡ ምዕማጽ፡ ኰይኑ፡ ይረአየኒ፡ ከመይ፡ ንሳቶም፡
ባዕላቶም፡ ኪረኽቡሉ፡ ይከኣሎም፡ እዩ።

ብእምሮኻ፡ ምጽብጻብ፡ ድማ፡ ዝበለጸ፡ በተን፡ ቀዳ
ሞት፡ እዋናት፡ ብወንኑ፡ ኪግበር፡ ኣለዎ። ነዚዎም፡ ኣብ፡
ላዕሊ፡ ዘለዉ፡ ቀለልቲ፡ ምሳሌታት፡ ንምፍታሕ፡ እቲ፡

መምህር፡ ቅድም፡ ብቓል፡ ከምዚ.ርከብ፡ ደ.ሐር፡ ድማ፡
እቲ፡ ስርዐት፡ ቍጽሪ፡ ከመይ፡ ጌርካ፡ ከምዝ.ግበር፡ እናር
ኤ፡ ብጽሕፈት፡ ኪ.ገብሮ፡ ይኽእሉ።

ስርዐት፡ ቍጽሪ፡ ንምምህር፡ ግሉጽ፡ ምሳሌ፡ ከምዜ
ድሊ፡ ከምኡ፡ ኸአ፡ ነቲ፡ ቀሙር፡ መስፈሪት፡ ንምምህር፡
አዝዩ፡ ዜድሊ፡ እዩ። ነቶም፡ ተመሀሮኹም፡ ሜትሮ፡ ከ
መይ፡ ከምዝኾነ፡ ምሉእ፡ ፍልጠት፡ ክትሀብዎም፡ እንተ፡
ደሌኹም፡ እንድሕሪ፡ ዘየርኣ.ኹምዎም፡ ንኽንቱ፡ ትጽዕሩ።

እንተኾነ፡ ሜትሮ፡ ዚ.ስእንኒ፡ ብዙሕ፡ ክቡርኒ፡ አ
ይኰነን፡ ስለዚ፡ ጽቡቕ፡ ፍቓድ፡ ዘለዎ፡ መምህር፡ እንተ፡
አጥረዮ፡ ከቢድ፡ ነገር፡ አይኰነን። ምስጥረዮ፡ ከአ፡ እንተ፡
አርአዮ፡ ጥራይ፡ አይአኽሎን፡ እንተኾነ፡ ይስፈረሉ፡ ነቶ
ም፡ ተምሀሮኡ፡ ድማ፡ ኪ.ሰፍሩሉ፡ የልምዶም፡ እቲ፡ ዚ.
መሀሩሉ፡ ክፍሊ፡ ቤት፡ ዐለባ፡ ሰደቃን፡ ከምኡ፡ ዝበለ፡ ነ
ገርኒ፡ የስፍሮም።

ከምዚ፡ ንሜትሮ፡ እተባህለ፡ ድማ፡ ንሚዛንኒ፡ ንገን
ዘብኒ፡ ይገበር። እቲ፡ መምህር፡ ከአ፡ ሐደ፡ ሚዛንኒ፡ ሐደ፡
ሐደ፡ ሊትሮ፡ ዚ.አክል፡ ጥርሙዝኒ፡ በብዐይነቱ፡ ገንዘብኒ፡
የጥሪ። ንተመሀሮ፡ ድማ፡ ኪ.መዝኑሉን፡ ኪ.ሰፍሩሉን፡ ሐ
ደው፡ ድማ፡ አቓጽርኡ፡ የርእዮም።

አብ፡ ናይ፡ ዕለት፡ ንብረትና፡ ዘሎ፡ ኹሉ፡ ይምዘንኒ፡
ይስፈርኒ፡ ይቍጸርኒ።

## ምህሮ፡ ማሕረስ።

እቲ፡ ሕጊ፡ ብዛዕባ፡ ምምህር፡ ማሕረስኒ፡ ተኽልን፡ ድማ፡ ገለ፡ ቀሩብ፡ ይነክእ፡ እዩ። ንአይ፡ ከምዚ መስለኒ፡ እዚ፡ ምህሮ፡ እዚ፡ ብምሉኡ፡ ካብ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ አብ፡ ወጻኢ፡ ምኹን። እቲ፡ መምህር፡ ነቶም፡ ተመሀሮኡ፡ ሒዝዎም፡ አብ፡ ግርሁ፡ ወፊሩ፡ መታን፡ እቲ፡ ምድሪ፡ አጸቢቑ፡ ፍሬ፡ ከ ህብ፡ እቲ፡ ፍሉጥኒ፡ ዝሒሽን፡ ነገር፡ አየና ይ፡ ከምዝኾነ፡ የስተምህሮም።

ከምኡ፡ ድማ፡ ንናይ፡ አትክልቲ፡ እንተኾነ፡ ቀሊል፡ መገዲ፡ እዩ። ንተማህሮኹም፡ አብ፡ ጽቡቕ፡ እተሓረ፡ ንእሽቶ፡ ግራት፡ ሒዝኩምዎም፡ ውፈሩ፡ እሞ፡ 2 ሐደው፡ 3 ሰዐት፡ አብ፡ ሰሙን፡ አብኡ፡ ምትካል፡ እቲ፡ ፍሉጥ፡ አሕምልትን፡ አእዋምኒ፡ እናርኤኹም፡ አዕይይዎም፥ ማይ፡ እስክምዎም፡ ዕጽፊ፡ ጥቕሚ፡ ኽእ፡ ትረኽቡ። ንሳቶም፡ ይመሀሩ፡ ንስኻትኩም፡ ከአ፡ ብፍረ፡ ዕዩኦም፡ ምእካብ፡ ብሀ፡ ይብለኩም።

## ምዕዶ፡ ኰንፈረንስ፡ ነዛም፡ አብ፡ ብሀገሩ፡ ተዘሪኦም፡ ዘለዉ፡ መምህራን።

ኰንፈረንስ፡ ሎምዘበን፡ ዐይኑን፡ ልቡን፡ አበታትኩም፡ አውዲቑ፡ ዘሎ፥ ምናዳ፡ አበታትኩም፥ አቱም፡ መምህራን። ድሌትና፡ ኸአ፡ እዚ፡ እዩ፤ እዛ፡ መልእኽቲ፡ እዚኣ፡ ከም፡ ምውኂቕ፡ ዜሐጕስ፡ ደሀይ፡ ኰይና፡ ክትበጽሐኩም፥ እሞ፡ ነቲ፡ እተጻዋዕኩሙሉ፡ ብዙሕ፡ ጊዜ፡ ሽጋር፡ ዘለዎ፡ ዕዮኹም፡ ንምፍጻም፡ ጽቡቕ፡ ፍቓድ፡ ዚህብኒ፡ ዜትብዕኒ፡ ቓል፡ ሕዝ፡ትልኩም፡ ክትመጽእ፡ ንትምኔ። እቲ፡ ዕዮና፡ ኸአ፡ ምስናይ፡ ጭንቂ፡ ሡላትና፡ ብዐቢ፡ ገድልን፡ ክምት፡ ብዘይብል፡ ፍቓድኒ፡ ወርትግ፡ ዘዝኽእለትና፡ እንተ፡ ገበርናስ፥ እናጸንዔን፡ ንበረኽት፡ እናኾነን፡ ከም፡ ዚከይድ፡ ንርድኦ፡ ኢና።

አብ፡ መንጽር፡ እቲ፡ ጭንቅን፡ ሽጋርኒ፡ ኸአ፡ አዝዩ፡ ትብዓት፡ ዚህበና፡ ዕቤት፡ እቲ፡ እንጽዕረሉ፡ ጕዳይኒ፡ ቅድስንኡን፡ እዩ። ብሽም፡ ክርስቶስኒ፡ ብትእዛዙን፡ ኢና፡ መንግስቲ፡ እግዚአብሄር፡ ክትመጽእ፡ እንጽዕር፡ እምበር፥ ንርእስና፡ ከነገልግል፡ ከም፡ ዘይኰነ፡ ዕዮና፡ አይንረስዕ፥ ሐደው፡ ባህጊ፡ ክብሪ፡ ርእስና፡ ከነቕንዕ፡ ከም፡ ዘይኰነ፡ እንዐዩ፡ ዘሎና፡ ነስተውዕል፥ ክብሪ፡ ክርስቶስ፡ መታን፡ ኪኒግለጽኒ፡ ነፍሳት፡ ኪድሕናን፡ ኢልና፡ እንተ፡ ገበርናዮ፡ ግና፡ ጥቅሚ፡ ንረኽበሉ፡ ኢና።

እቲ፡ እንዐዮ፥ ሰዮ፡ ከምቲ፡ እተጸቤናዮ፡ ትጽቢት፡ ፍሬ፡ እንተ፡ ዘይሀበ፡ ምኽንያቱ፡ አብቲ፡ አፍአዊ፡ ንብረት፡ ኰንና፡ እነጸጋግዖ። እቲ፡ እናሐንሳእ፡ በቲ፡ እብ፡ ሀገር፡ ዚኸውን፡ ዘሎ፡ አፍአዊ፡ ነገር፡ ነመኻንዮ፥ እቲ፡ እናሐንሳእ፡ አብ፡ ምጽራር፡ ካህናትና፡ አብ፡ ነደርቲ፡ ሀለፍለፍ፡ ዜብዝሑ፡ ሰባት፡ ነጸጋግዖ፥ እቲ፡ እናሐንሳእ፡ አእምሮ፡ እቶም፡ ደቂ፡ ሀገር፡ ጥቕሚ፡ ትምህርቲ፡ ዘየስተውዕል፡ እንከ፡ ድእ፡ ኰይኑ፡ እዩ፡ ንብል፥ ካልእ፡ ነዚ፡ ዚመስል ውን። እብዚ፡ ኹሉስ፡ ሐቂ፡ ይህልዎ፡ እዩ፥ እንተኾነ፡ አሳልጦ፡ ዘይምርካብና፡ ምኽንያቱ፡ ነቲ፡ አፍአዊ፡ ነገር፡ ጥራይ፡ እንተላገብናሉ፡ ብዙሕ፡ ዚፍርህ፡ እዩ። ብዙሕ፡ ዜፍርህ፡ ድማ፡ እዩ፥ ከምዚ፡ ናብ፡ ምባል፡ ከአ፡ የዝብለና፤ እዚ፡ ንብረት፡ እዚ፡ ክሳዕ፡ ዘሎናስ፡ ከቶ፡ አይጠቅምና፡ እዩ፥ ፍሬ፡ ድማ፡ አይርከበን፡ እዩ፡ የብለና። እንተኾነ፡ እብ፡ ርእሲዚ፡ ድማ፡ አገዛዩ፡ ዜፍርህ፡ እዩ፥ እቲ፡ እንገብሮ፡ ካብ፡ ምርአይ፡ ዜዐምተና፡ ስለ፡ ዝኾነ፥ ነቲ፡ ዕዮና፡ ድማ፡ ንዘይ፡ አሳልጦ፡ አሕሊፍና፡ ብምሃብና። እምብአረይሲ፡ ቅድሚ፡ ኹሉ፡ ነፍስ፡ ወከፍና፡ ነፍስና፡ ንሕተት፡ ከምዚ፡ ኢልና፤ እቲ፡ ምግባሩ፡ ዚግብእኒ፡ ኹሉዶ፡ ፈጺመዮ፡ እየ፤ እሞ፡ እዚ፡ ኸአ፡ በቲ፡ ብሉጽኒ፡ ብዚከአለንዶ፡ ተገዪሉ፡ እዩ፤

ነቶም፡ አብ፡ ማእከሎም፡ ክዐዩ፡ ጽውዓ፡ እተቐበል ኩሎም፡ ሰባትኬ፡ ፍቕርን፡ እምነትን፡ ዚኸልእ፡ ነገር፡ አብ፡

ኣ'ኻያይዳይ፡ ከን፡ ኣይህሉን፡

መታን፡ ነኣምሮ፡ ተመሃሮይኺ፡ ከብርህ፥ ኣብ፡ ልቦ
ምኺ፡ ንጹህኺ፡ ቅዱስኺ፡ ሐሳብ፡ ከእቱ፡ ኢለዶ፥ ንርእሰይ፡
ትምህርቲ፡ ክውስኽ፡ እጋደል፡ እዮ፡

እዚ፡ እዩ፡ እቲ፡ ኣብ፡ ውሽጢ፡ ሕሊና'ኹም፡ ኣብ፡
ቅድሚ፡ ክርስቶስ፡ እነቑመልኩም፡ ዘሎና፡ ሕቶታት።

ብሐቂ፡ ዕዮ፡ ትምህርቲ፡ ቤት፡ ብርቱዕ፡ እዩ፥ እንተ
ኾነ፡ ዔላ፡ ጭውነትኺ፡ ዔላ፡ ጽሩይ፡ ሐጐስኺ፡ ድማ፡ እዩ።
ነዚ፡ ስራሕዚ፡ ሕልፊ፡ ዘለዎ፡ ደግነት፡ የድሊ፥ እንተ'ኾነ፡
ኣብ፡ ርእሲኡ፡ ድማ፡ ፍቕርን፡ ትዕግስትን፡ ምጽማምኒ፡ የ
ድሊ። ተመሃሮ'ኹም፡ ምፍታው፡ ብግዲ፡ ዜድልየኩም፡
እዩ። ኣብ፡ ቅድሚ'ኹም፡ ደው፡ ወይ፡ ከፍ፡ ምስ፡ የሉ፡ ከ
ምዚ.ልኩም፡ ሕሰቡ፡ እዘን፡ ነፍሳት፡ እዚኤን፡ እምበር፡ ክ
ርስቶስ፡ ኣማሕጺ.ኑኒ፡ እዩ፡ ብዛዕብኤን፡ ከኣ፡ ሐንቲ፡ መ
ዐልቲ፡ ጸብጻብ፡ ክህብ፡ እዩ፡ ኢልኩም፡ ሐልዩ። እቶም፡
ተመሃሮ፡ ካብታትኩም፡ ዘረባ፡ ዕሽነት፡ ብዚሰምዕዎ፡ ልክ
ዕ፡ ሐደው፡ ሕማቕ፡ ምሳሌ፡ ኣብ፡ ኣ'ኻይዳ'ኹም፡ ብዚርእ
ይዎ፡ ልክዕ፥ ንመዐንቀፊ፡ ዚ'ኸውን፡ ምኽንያት፡ ኢ'ኹም፡
ኣብ፡ ልቦም፡ እተተንስኡ።  ተመሃሮ'ኹም፡ ጽቡቕ፡ ኣር
ኣያ፡ እምበር፥ ካልእ፡ ነገር፡ ከምዘይርከቦም፡ መምህራን፡
ገይሮም፡ ኪጥምቱ'ኹም፡ ይግባእ።

ንተመሃሮ'ኹም፡ ድማ፡ ብጊዜ፡ ምስትምህርኒ፥ ምም
ዓድኒ፥ ምግሳጽኒ፥ ትዕግስቲ፡ ደኣ፡ ይህሉ'ኹም። እተን፡

አብ፡ ትምህርቲ፡ ቤት፡ እተሕልፍወን፡ ሰዐታት፡ ንፍስሃን፡ ንታሕጓስኒ፡ ከም፡ እተዋህበ'ኹም፡ እምበር፡ ከም፡ ሐደ፡ ጽዕነትኒ፡ ከም፡ እዋን፡ ቅጽዓትኒ፡ አይትርአይወን። መተከዝን፡ መቕጻዕትን፡ ጌርኩም፡ ኣብ፡ እትርእይዎ፡ ግና፡ ፍሪኡ፡ እዚ፡ እዩ፡ ዚኸውን፤ ገሊኦም፡ ካበታትኩም፡ ጥራይ፡ ኢዮም፡ ኲይኖም፡ ገሊኦም፡ ከአ፡ ሒደት፡ ተመሃርቲ፡ ሕገ'ም፡ ዓመታት፡ የማሓልፉ። ከምቲ፡ ሕያዋይ፡ ጓሳ፡ ነተን፡ እተባረራን፡ ዝጠፍኣን፡ አባጊዕ፡ ኪደልየን፡ ዚኸይድ፡ ከምኡ፡ ንሳትኩም፡ ድማ፡ በብዝዐሌቱ፡ ብዙሕ፡ መገዲ፡ ንገሊኦም፡ ፍቓዶም፡ አንቀሐ፡ ንገሊኦም፡ ከአ፡ አረድኡ። ምስላጥ፡ ዕዮና፡ በቲ፡ ንሕና፡ እንጽዕሮን፡ መልእኽትና፡ እንፍጽመሉ፡ ልክዕ፡ ምኺኑን፡ ንፍለጥ።

ምኽንያት፡ ዐወትና፡ መብዝሕትኡስ፡ ካበታትኩም፡ እዩ፡ ዚድለ፡ ንሕና፡ ኸአ፡ ነዚ፡ ጕይታ'ኹም፡ ሕድሪ፡ ዝሀበ'ኹም፡ ስራሕ፡ ኈላትኩም፡ ብጽቡቕ፡ ፍቓድኒ፡ ፍታውኒ፡ ክትቀብጹሉን፡ ክትጽዕቱሉን፡ ንሳዚ፡ አሎና። ንምስትምሃርኩም፡ መራሕን፡ ቀኖናን፡ ዚኾነኩም፡ ከአ፡ ከነትሕዘኩም፡ ኢና። እንተ'ኾነ፡ ከም፡ ሐደ፡ ሐድ'ሽ፡ ትእዛዝ፡ ሐደው፡ ከም፡ ሐደ፡ ጾር፡ አይትቐጽርዎ፡ ብቲ'ም፡ ነገር፡ ምስ፡ አስተዋደ'ኹምዎስ፡ መታን፡ ኪፍጻምሲ፡ ዚከአለኩም፡ ዘበለ፡ ድአ፡ ግበሩ። እዚ፡ ኸአ፡ መታን፡ እቲ፡ እተጸዋዕኩሙሉ፡ ቅዱስ፡ ተግባር፡ ኪሰልጥ፡ ማለትና፡ እዩ።

ደጊም፡ አብ፡ መወዳእታ፡ ሓልዮት፡ ምእዛዝ፡ ነማሕ

ጺነኩም፡ ኣሎና። እቶም፡ ኣብ፡ ሰሰበኽኡ፡ ዘለዉ፡ መራሕትኹም፡ ብኽቢድኒ፡ ዕብን፡ መዚ፡ ተቜሪኖም፡ ኣለዉ፥ እምብኣረይሲ፡ እቲ፡ ሕጉስ፡ ምእዛዝኩም፡ እናኣርኣኹም፡ ከም፡ ዚቐለሎም፡ ግበሩ። ትዕቢት፡ ከንቱን፡ ኣነ፡ ኽበልጽ፡ ምበልኒ፥ ቅንኣትኒ፡ ውርስ፡ ኢልኩም፡ መማኽርትኹም፡ ኣይትግበሩ፥ እንተኾነ፡ መንፈስ፡ ምእዛዝ፡ መንፈስ፡ ክርስቶስ፡ እያሞ፥ ኣቢታትኩም፡ ይሕደር።

መራሕቲ፡ ማሕበር፡ ወንጌል።

---

## ሕጊ፥ ብዛዕባ፡ ደሞዝ፡ መምህራን፡ ደቂ፡ መሬት።

1. መምህር፡ ሓደው፡ ወንጌላዊ፡ ቡቲ፡ ክልተ፡ ዐመታት፡ ፈተነ፡ ነቲ፡ እተዋህበ፡ ስዮ፡ ተመዚዙ፡ ምስ፡ ገበረ፡ ብኾንፈረንስ፡ ማሕድሮ፡ ይቕበል።
2. እቶም፡ ዚፍተኑ፡ ድማ፡ ምናዳ፡ እቶም፡ ኣብቲ፡ ንመምህራንኒ፡ ንወንጌላዊያንኒ፡ ኺመሀሩሉ፡ ብሚስዮን፡ እተመደበ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ ዝዐበዩ፡ ኣጉባዝ፡ እዮም፥ ሓደው፡ ድማ፡ ብኽምዚ፡ ዝዘለ፡ ፈተነ፡ ኺፍተኑ፡ መምሀራኖም፡ ዝነገሩሎም። ከምኡ፡ ድማ፡ እቶም፡ ኣብ፡ ተማሀሪ፡ ቤት፡ ዘይዐበዩ፡ ኽነሰም፡ እንተኾነ፡ ኣብ፡ ቅድሚ፡ ኸ

ንፈረንስ፡ ዝሐረዮም፡ መርመርቲ፡ ንመምህርና፡ ዚአክል፡ ፍልጠት፡ ከምዘለዎም፡ እተርኤን፡ ምስናይዚ፡ ኸአ፡ ብን ብረት፡ ክርስትናን፡ ብጽዐት፡ ምድሐን፡ ነፍሳትኒ፡ እተመ ስከረሎም፡ ሰባት፡ በዚ፡ ዐመታት፡ ፈተነ፡ ኺፍተኑ፡ ግቡ እ፡ እዩ።

3. በቲ፡ ዐመታት፡ ፈተነ፡ 300. ፍራንክ፡ ንዐመት፡ እዩ፡ ተፈቒዱ፡ ዘሎ።

4. ነቶም፡ ከንፍሬስ፡ ዜሕድሮም፡ መምህራንኒ፡ ወን ጌላውያንኒ፡ ብድሕሪቲ፡ ውሱን፡ ናይ፡ አገልግሎት፡ ዐመ ታት፡ በብስርዐቱ፡ ዚካታተል፡ አርባዕተ፡ ናይ፡ ደሞዝ፡ መ ዐርጋት፡ አሎ።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ቀዳማይ፡ | መዐርግ፡ | ደሞዝ፡ 400. | ፍራ፡ | 1—3. | ዐመት። |
| ካልአይ፡ | 〃 | 〃 500. | 〃 | 4—9. | 〃 |
| ሳልሳይ፡ | 〃 | 〃 600. | 〃 | 10—15. | 〃 |
| ራብዓይ፡ | 〃 | 〃 700. | 〃 | ካብ፡ 16. | ዐመት፡ |

ንንየው።

5. በቲ፡ ቕድም፡ ተነጊሩ፡ ዘሎ፡ መዐርጋት፡ ደሞዝ፡ ማሕድሮ፡ ንምቕባል፡ ከአ፡ ውዕሉ፡ እዚ፡ እዩ፤

በቲ፡ ቀዳማይ፡ መዐርግ፡ ደሞዝ፡ ማሕድሮ፡ ምቕባ ል፤ በቲ፡ ዐመታት፡ ፈተነ፡ ብምምሃር፡ ከነ፡ ተማህሮ፡ ብ ምእላይ፡ ከምኡ፡ ድማ፡ ምስ፡ ኵሉ፡ ሰብ፡ ብስኒት፡ ንምን ባር፡ ህያብኒ፡ ቕጥዕን፡ ኪርከብ፡ የድሊ፡ እዩ። እዚ፡ አብነ ታትዚ፡ እንተተሳእነ፡ ግና፡ እቲ፡ ሰብቲ፡ ንመምህርና፡ አ

ይኪበቅዕኒ፡ እዩ።

6. ናብቲ፡ ኻልኣይ፡ መዐርግ፡ ደሞዝ፡ ንምድያብ፡ ከ
አ፡ በቲ፡ ዝሐለፈ፡ ጊዚያት፡ ጽዐትኒ፡ ነቐፋ፡ ዜብሉ፡ አገ
ልግሎትኒ፡ ይድሌ። ምስናይዚ፡ ኸአ፡ ባዕልኻ፡ እናተጋደ
ልካ፡ ፍልጠት፡ ምውሳኽ፥ ምናዳ፡ ግእዝኒ፡ ስዋስውኒ፡ ከ
ምኡ፡ ከአ፡ እቲ፡ ጠጥቀዊ፡ መጻሕፍቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ምም
ርማር። ናብ፡ ካልአይ፡ መዐርግ፡ ደሞዝ፡ ቀድሚ፡ ምድያ
ብ፥ አብ፡ ቀድሚ፡ ኾንፈረንስ፡ ዝሐረዮም፡ መርመርቲ፥
በዚ፡ ነገራትዚ፡ ጽቡቕ፡ ተመክሮ፡ ኪውሃብ፡ ግዲ፡ እዩ።

7. ናይ፡ ሳልሳይ፡ መዐርግ፡ ደሞዝ፡ ንምብጻሕ፡ ከአ፥
ብጀካ፡ ንሱሕ፡ አገልግሎት፥ እቲ፡ መምህር፡ ነቲ፡ አብ፥
ቤት፡ ትምህርቲ፡ ዝጀመሮ፡ ቋንቋ፡ ኤውሮጳ፡ መጻሕፍቲ፥
ኤውሮጳ፡ ንምንባብ፡ ከምዚጠቕሞ፡ ጌሩ፡ ተጋዲሉ፡ ኺቕ
ጽለሉ። ምስናይዚውን፡ ማሐለፍያ፡ ፍልጠት፡ መጽሐፍ፥
ቅዱስ፡ የድልዮ፡ እዩ። በዚ፡ ነገራትዚውን፡ ቀድሚ፡ ናብ፥
ደሞዝ፡ ምስጋር፡ ማሕለፍያ፡ ተመክሮ፡ ኪውሃብ፡ ግቡእ፥
እዩ። ሸዑ፡ ብእብእ፡ ከአ፡ አማህርኡን፡ አሳብኽኡን፡ ኪፌ
ፍተን፡ እዩ።

8. ናብ፡ ራብዓይ፡ መዐርግ፡ ደሞዝ፡ እቶም፡ 15.ዐመ
ት፡ ብንስሓት፡ ዘገልገሉ፡ ብሊቅነት፡ ከአ፡ ዝደፍኡ፡ እ
ዮም፡ ዝበጽሕዎ፥ ንሳቶም፡ ከአ፡ መንፍዐቶምኒ፡ ብቕዐ
ቶምኒ፡ ብኾንፍሬስ፡ ምስተርኤ፤ ዝዐበ፡ መዚ፡ ዘለዎ፥
ዕዮ፡ ይወድቆም።

9. አብቲ፡ ሕዳር፡ መምህር፡ ኬቐምጡሉ፡ ዘየድሊ፡
ዐዲ፡ ብፍቓዶም፡ ዚዐዩ፡ እንተ፡ ተረኽቡ፡ ግና፡ ኮንፈ
ረንስ፡ ንአታቶም፡ ከም፡ መጠን፡ ዕዮኦም፡ ጌሩ፡ ይኽሕ
ሶም፥ እቲ፡ ንአታቶም፡ ዚወሃብ፡ ከአ፡ በብዐመት፡ ኮንፈ
ረንስ፡ ኪቔርጾ፡ እዩ።

10. ንደቀንስትዮ፡ (ጳዐዲ፡) ልኡኻት፡ ወንጌል፡ ብት
ምህርቲ፡ ዚሕግዛ፡ ከምቲ፡ ሕጂ፡ ዘሎ፡ 150. ፍራ፡ ንዐ
መት፡ ይቕበላ፥ 6. ዐመት፡ እንተ፡ አገልገላ፡ ግና፡ 200.
ፍ፡ ንዐመት፡ ይቕበላ።

11. ከም፡ ብዐል፡ ዐይኒ፡ ጌሩ፡ ኪዐዩ፡ ንዘይኮነሉ፡
ዐይነ፡ ስወር፡ ከአ፡ ኾንፈረንስ፡ ሐሲቦም፡ ደሞዙ፡ ይምድ
ቡሉ።

12. ደሞዝ፡ ሐደ፡ ወደባት፥ ካህን፡ 800. ፍ፡ ንዐ
መት፡ እዩ፡ ምቕማጥ፡ ኮይኑ፡ አብ፡ ሐደ፡ ስፍራ፡ ምስዚ
ቕመጥ፡ ግና፡ ኮንፈረንስኒ፡ መናበርቲ፡ ንምቕማጥ፡ ዜድ
ሊ፡ ሐገዝ፡ ይውስኽዎ።

13. ብዛዕባ፡ እቶም፡ አርድእቲ፡ ብዕዮ፡ ኢድ፡ ዚረ
ድኡ፡ ከአ፡ ጊዚኡን፡ ዕዮኡን፡ ርኢኻ፡ እዩ፡ እቲ፡ ደሞ
ዝ፡ ዚቖረጽ።

14. ነቶም፡ ደቂ፡ ዐዲ፡ መምህራን፡ ዕዮኦም፡ ናብ፡
ዜባኹር፡ መተውሰኽታ፡ ከየድህቡ፡ ካብቲ፡ ናይ፡ ጋንትኦ
ም፡ ዋና፡ ጥንቁቕ፡ ምቁማት፡ አለዎም።

15. እዚ፡ ዚወጽእ፡ ዘሎ፡ ሐድሽ፡ ሕጋጋት፡ ነቶም፡

ድሮ፡ ሕዱራት፡ ከይኖም፡ ዜገልገሉ፡ ዘለዉ፡ እሞ፡ ናብ፡ ላዕላይ፡ መዐርግ፡ ደሞዝ፡ ዝበጽሑ፡ (ንአታቶም፡) ብዛዕባ፡ ምልዋጥ፡ ደሞዝ፡ ዚትንክዮም፡ አይከነን። እዚ፡ ሐድሽ፡ ስርዐትዚ፡ አብቶም፡ አብ፡ ምጽኡ፡ ምስ፡ ወጸ፡ ዚጅምሩ፡ እዩ፡ ዚግበር።

16. እቲ፡ አብ፡ ክፍሊ፡ ሴምናርዮ፡ ዚምሃር፡ ወደ፡ መዝሙር፡ ካብ፡ ማሕበር፡ ኤባንጀሊስካ፡ ፋስተርላንድስ፡ ስቲፍተልስን፡ ምስዚሳናበት፡ እቲ፡ ስሊኡ፡ ዝጠፍኤ፡ ገንዘብ፡ ብሕሳብ፡ 200. ፍ፡ ንዐመት፡ ኪኽፍል፡ ግቡእ፡ እዩ። አብዚ፡ ተማሃራ፡ ቤትዚ፡ ኺምሀር፡ ዚደሊ፡ ተማሃራ፡ ኽንፈረንስ፡ አመቱ፡ አለዎ፡ አብ፡ ዚበልዎ፡ አገልግሎት፡ ሚስዮን፡ ንምግልጋል፡ ንምዕያ ይ፡ ከም፡ መዘ፡ ጌሩ፡ ይቀበሎ። ስፍራ፡ እንተ፡ አኸለ፡ ኸአ፡ 1—2. አጉባዝ፡ ነገልግሎት፡ መንግስቲ፡ ሐደው፡ ነገልግሎት፡ ሐደ፡ ወገን፡ (ሰብ፡ ሰመሮ፡) ሶችዮታ፡ እንተ፡ ተደልዩ፡ ከምቲ፡ ቕድም፡ ዝበልናዮ፡ ብዘይ፡ ዋጋ፡ ኺምሀሩ፡ ፍቑድ፡ እዩ።

አብ፡ ኤ፡ ፋ፡ ስ፡ ማሕድሮ፡ ዚሕዝ፡ መምሀር፡ ቀድሚ፡ 5. ዐመት፡ አገልግሎቱ፡ ኤ፡ ፋ፡ ስ፡ እንተ፡ ገደፈ፡ ስለ፡ ትምሀርቱ፡ ንምስዮን፡ ኪኽሕስ፡ እዩ። አብ፡ ክልተ፡ ዐመቱ፡ እንተ፡ ተሳናበተ፡ 500. ፍ፡ አብ፡ ሰለስተ፡ ዐመቱ፡ እንተኸነ፡ ግና፡ 400. ፍ፡ እዩ፡ ዚኽፍል።

17. አጉባዝ፡ ሚስዮን፡ ዘበሉ፡ ቀድሚ፡ 20. ዐመት፡ ኪምርዐዉ፡ ግቡእ፡ የብሎምን፤ ከየመርዐዉ፡ ናብ፡ ሴሚ

ናርዮ፡ ዝአተዉ፡ ኸአ፡ ጊዜ፡ ትምህርቶም፡ ከየአከሉ፡ ኽ
ይምርዐዉ፡ ኽልኩላት፡ እዮም።

ሕጊ።

ንናይ፡ ሚስዮን፡ ዐየይቲ፡ ደቂ፡ መሬት።

፩።

ናይ፡ ሚስዮን፡ ዐየይቲ፡ ደቂ፡ መሬት፡ ዘበሉ፡ ኵ
ሎም፡ ከም፡ ግዙኣት፡ ክርስቶስ፥ ናይ፡ ገዛእ፡ ርእሶም፡ ረ
ብሐትኒ፡ ክብርን፡ ምድላይ፡ አይግብኦምኒ። ብኹሉ፡ መ
ገዲ፡ ደአ፡ ብቓልኒ፡ ብግብርን፥ መንግስቲ፡ እግዚአብሄር፡
አብ፡ ማእከል፡ ደቂ፡ ዓዶም፡ ኪዝርግሑ፡ ይተሐቱ።

፪።

ነፍሲ፡ ወከፍ፡ ናይ፡ ሚስዮን፡ ዐያዩ፡ ወዲ፡ መሬት፥
አውራ፡ ሐለቓኡ፡ እቲ፡ ሽዌደናዊ፡ ልኡኽ፡ እዩ፥ ንሱ፡
አብ፡ ሰበኻኡ፡ ዚዓዩ። መዘ፡ ድማ፡ እዩ፡ ነቲ፡ ሐለቓ
ኡ፡ ምእዛዝኒ፥ ንስሐትኒ፥ እምነትኒ፡ ክርእዮ። ነሱ፡ ድማ፡
ብግደኡ፡ ፍቕሪ፡ ብዝመልኣ፡ ብናይ፡ ሕውነት፡ አኻይዳ፡
ነቲ፡ ትሕቲኡ፡ ዘሎ፡ ኪርእዮ፥ ብዕዮኡ፡ ድማ፡ ኪድግፎ።

፫።

ዐየይቲ፡ ደቂ፡ መሬት፡ ነቲ፡ ንነፍሲ፡ ወከፍ፡ እተፈ
ተኑሉ፡ ፍልጠቶምኒ፡ ተዋህብኦምኒ፡ ኪውዕሉ፡ ሐደው፡
ብአብነት፡ መምህራን፥ ወንጌላውያን፥ ወይ፡ መራሕቲ፡ ማ
ሕበር። እዞም፡ ድሕሪት፡ እተሰምዩ፡ ብፍላይ፡ አብ፡ ሐደ፡
ምዱብ፡ መኻን፡ ንምስትብሀል፡ ትሑዛት፡ ዝኾኑ፡ ድማ፡
ምስናይዚ፡ ብሽራት፡ ወንጌል፡ አብ፡ ብዙሕ፡ መኻን፡ አብ

ቲ፡ ሰበኻአም፡ ዚቐርብ፡ ዘበለ፡ ከም፡ ዚክአሎም፡ ምስዳ ድ፡ ኪህወኹ።

፬፡

ንሐደ፡ ወዲ፡ መሬት፡ መምህር፥ ወንጌላዊ፡ ሐደው፡ መራሒ፡ ማሕበር፥ ምዃን፡ ንምኽኣል፡ ስለ፡ ኣመት፡ ብበ ይኑ፡ ዝኾነ፡ ሕጊ፡ ይምደብ።

፭፡

ናይ፡ ሚስዮን፡ ዐየይቲ፡ ደቂ፡ መሬት፡ ብናይ፡ ኮን ፈረንስ፡ ምሕራይ፡ ካብ፡ መናበርቲ፡ ሚስዮን፡ ይምደቡ፡ ብዘይ፡ ምምርማር፡ መናበርቲ፡ ሚስዮን፡ ድማ፡ ዕይኦም፡ ኪቕንጠጡ፡ ኣይኽእሉን። መናበርቲ፡ ንሐደ፡ ወዲ፡ መ ሬት፡ ዐያዩ፡ ዐስቢ፡ ኣብ፡ ፍሉጥ፡ መኻን፡ እንተ፡ ሐሰበ ሉ፡ ኮንፈረንስ፡ ብትጽቢት፡ ምምርማር፡ መናበርቲ፡ ንግ ዚኡ፡ ደሐን፡ እዩ፡ ዚብልዎ፡ ክሕድሩ፡ መሰል፡ ኣለዎም።

፮፡

ሐደ፡ ዐያዩ፡ ወዲ፡ መሬት፡ ኣብ፡ መግዛእቲ፡ ሚስ ዮን፡ ዝሐደረ፥ ካብ፡ ሚስዮን፡ ድማ፡ ምሉእ፡ ዐስቢ፡ ዚረ ክብ፡ ልቡ፡ ከይመቐለ፡ ነቲ፡ ቊም፡ ነገር፡ ዘለዎ፡ መዞ፡ ይመዘዝዝ። ንምግቢ፡ ዘድሊ፡ ትሕዞ፡ ድማ፡ ኣይግበር። ማሕረስ፡ እንተለዎ፡ ባዕሉ፡ ኪኣልዮ፡ እንተ፡ ደለ፡ ከም፡ ናይ፡ ሚስዮን፡ ዐያዩ፡ ብፍላይ፡ ሐሳብ፡ ከመይ፡ ኢሉ፡ ከም፡ ዚቐውም፥ ኮንፈረንስ፡ ይምርምሮ፥ እቲ፡ ነገር፡ እንተ፡ መ ሽኤ፡ እቲ፡ ብምኽንያት፡ ይኣኽሎ፡ እተባህለ፡ ዐስቢ፡ ይ

ቍረጽሉ። ብዝኾነ፡ ግን፡ ነቶም፡ ወዳእቲ፡ ነገር፡ መናበ
ርቲ፡ ይሕተቱ።

፯፡

ነፍሲ፡ ወከፍ፡ ወዲ፡ መሬት፡ ናይ፡ ሚስዮን፡ ዕያዩ፡
ዕዩኡ፡ ኵሉ፡ አብ፡ መጽሐፍ፡ መዓልቲ፡ ከመልከት፡ ናይ፡
ዐመት፡ ዚኸውን፡ ከኦ፡ በቲ፡ ሐለቓኡ፡ ገይሩ፡ ነቲ፡ ዚስ
ሰብ፡ ኮንፈረንስ፡ ዛንታ፡ ኪስደድ፡ አብኡ፡ ኪንገር።

፰፡

ነፍሲ፡ ወከፍ፡ ናይ፡ ሚስዮን፡ ዕያዩ፡ ወዲ፡ መሬት፡
ብጽሑፋትኒ፡ ብሃይማኖት፡ ቤተ፡ ክርስትያናን፡ ፍልጠ
ቱ፡ ኬዕቢ፡ መዘዙ፡ ከም፡ ዝኾነ፡ ኪሐስብ።

፱፡

እንተ፡ ወሐደ፡ አብ፡ ዓመት፡ ሐደ፡ ሳዕ፡ እቲ፡ መ
ራሒ፡ ኮንፈረስ፡ ሐደው፡ እንተ፡ ዘየርከበ፡ እቲ፡ ገዛእኹ
ዕዮ፡ እቶም፡ ዐየይቲ፡ ሚስዮን፡ ደቂ፡ መሬት፡ ኪቋመት።

፲፡

ወዲ፡ መሬት፡ ዕያያይ፡ ሚስዮን፡ ድሌቱ፡ በቲ፡ ኸ
ዌደናዊ፡ ልኡኽ፡ ገይሩ፡ አብ፡ ኮንፍረንስ፡ ከብጽሕ፡ መ
ሰል፡ አለዎ።

፲፩፡

ዕያያይ፡ ሚስዮን፡ ወዲ፡ መሬት፡ አብ፡ መግዛእቲ፡
ዘይምእዛዝኒ፡ በኹራን፡ እንተ፡ ተረኸበ፡ እቲ፡ ሐለቓኡ፡
ብፍቕሪ፡ ሕውነት፡ ኪቋመቶ፡ ይግብኦ፡ እዩ።

እቲ፡ ዕያዩ፡ እንተ፡ ዘይቀንዔ፡ እቲ፡ ሐለቓኡ፡ ንመራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ነገሩ፡ የብጽሐዮ፥ ንሱ፡ ኪምርምሮ። ንሱ፡ እንተ፡ ዘይተለወጠ፥ ሐደው፡ በቲ፡ እተዋህበ፡ ግዜ፡ ጣዕሳውን፡ እንተ፡ ዘይተመልሰ፡ ብርብዒ፡ ዕስቡ፡ ይቕጻዕ።

እቲ፡ ዕያዩ፡ ኣመሉ፡ እንተ፡ ዘይገድፈ፡ መራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ነቲ፡ ዚስዕብ፡ ቀረበ፡ ኮንፈረንስ፡ ብኡ፡ ይዛረብ፡ መቃን፡ ኪምርመር፡ እቲ፡ ከምዚ፡ ዘለ፡ ዕያዩ፡ ሚስዮን፡ ብተወሰነ፡ እዋን፡ ከመይ፡ ኢሉ፡ ከም፡ ዚቕጻዕ። ፈረቓ፡ ዐመት፡ ዚኸውን፡ ብፈረቓ፡ ዕስቢ፡ ሐደው፡ ብጭራሽ፡ ከም፡ ዚቕንጠጥ። በዚ፡ ዳሕራይ፡ ግን፡ ከምቲ፡ ኣብ፡ ፳፡ እተነግረ፡ ኣብ፡ ምምርማር፡ መናበርቲ፡ ይወድቕ።

## ፲፱፡

ሐደ፡ ዕያያይ፡ ሚስዮን፡ ወዲ፡ መሬት፡ ብሰሪ፡ ዘይክርስትያናዊ፡ ህይወት፡ ካብ፡ ቅዱስ፡ ቍርባን፡ እንተ፡ ተኸልከለ፥ (ከምቲ፡ ኣብ፡ ፫፡ ዘሎ፡ ሕጊ፡ ቅጽዓት፡ ማሕበር፡) እቲ፡ ሐላው፡ ማሕበር፡ ንመራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ኪነግር፡ ኣለዎ። እዚ፡ ድማ፡ ነቲ፡ ዝበደለ፡ ምስ፡ ፈተኖ፡ ካብቲ፡ ዕዮኡ፡ ኪቐጽዮ፡ ፈረቓ፡ ዕስቡ፡ ኪጐድሎ፡ እዩ። እቲ፡ መራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ግን፡ ንኮንፈረንስ፡ ኪነግር። ኮንፈረንስ፡ ከኣ፡ ናይ፡ ኸማግሌታት፡ ማሕበርኒ፡ ናይ፡ መራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ዘረባ፡ ይምርምር፡ ገለ፡ ከበሀሎ፡ ዘብሉ፡ እን

ተኸነ፡ ነሱ፡ ይጽናዕ። እቲ፡ ዝበደለ፡ ካብ፡ ዕዮኡ፡ ኪስ ዓር፡ ከም፡ ዜድሊ፡ ኮንፈረንስ፡ እንተ፡ ተራእዩ፡ም፡ ከምቲ፡ ኣብ፡ ፫፡ እተባህለ፡ ንምምርማር፡ መናበርቲ፡ ይሕተቱ።

፲፫፡

ሐደ፡ ዐያዪ፡ ሚስዮን፡ ወዲ፡ መሬት፡ ካብ፡ ዕዮኡ፡ እንተ፡ ተቐንጠጠ፡ ከም፡ ብሐድሽ፡ ብስርዐት፡ ከምቲ፡ ዝ ሐደሮ፡ ኪኸውን፡ አይኽእልን። እዚ፡ እንተ፡ ወሐደ፡ ድሕሪ፡ ሐደ፡ ዓመት፡ ስለ፡ ሐቀኛ፡ ምልዋጥ፡ ልቡ፡ ምስ፡ ተመስከረሉ፡ ይኸውን፡ ቍሉ፡ ሳዕ፡ ከአ፡ ምውዳእ፡ መና በርቲ፡ ይድለ። እቲ፡ ኮንፈረንስ፡ ብኻልእ፡ ናይ፡ ጌጋ፡ ዘ ይኮነ፡ ምኽንያት፡ ንሐደ፡ ዐያዪ፡ ካብ፡ ዕዮኡ፡ ክግድፍዎ፡ ምስኡ፡ ከአ፡ ክሕሳ፡ (መረፈቲ፡) ኪፈቕዱሉ። ግዲ፡ ነገር፡ እንተሎ፡ ኸአ፡ ንመናበርቲ፡ ይሕተቱ።

፲፬፡

ሐደ፡ ዐያያይ፡ ሚስዮን፡ ወዲ፡ መሬት፡ ምስ፡ ሐደ፡ ሐደው፡ ምስ፡ ብዙሐት፡ ሽዌደናውያን፡ ዐየይቲ፡ ሚስ ዮን፡ ባእሲ፡ እንተ፡ ገበረ፡ እቲ፡ ዘረባ፡ ብርእሶም፡ ብፍቕ ሪ፡ ሕውነት፡ ክደቅስዎ፡ እንተ፡ ዘይከአሉ፡ አብቲ፡ ሐለቓ፡ እቲ፡ መኻን፡ አብ፡ ሰበኻኡ፡ ዚዓዩ፡ ይኺዱ፡ ሐደው፡ እቲ፡ ባእሲ፡ ምስቲ፡ ሐለቓ፡ እቲ፡ መኻን፡ እንተ፡ ኾነ፤ ኣብ፡ መራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ኪኸውን። በቲ፡ ቀዳማይ፡ ኣብ፡ ሐለቓ፡ መኻን፥ በቲ፡ ዳሕራይ፡ ነገር፡ ግን፡ ብዳኚ ነት፡ መራሕ፡ ኮንፈረንስ፡ ይኸውን። ነሱ፡ ነቲ፡ ባእሲ፡

ኪምርምሮ፡ እቲ፡ ነገርውን፡ ምቕንዑ፡ ኪደሊ። ከምዚ፡ ኪኸውን፡ እንተ፡ ዘይከአለ፡ ነቲ፡ ዚስዕብ፡ ኮንፈረንስ፡ የ ውድቐሎም፡ ነሳቶም፡ ድሕሪ፡ ብፍቕሪ፡ ሐሚምካ፡ ምም ርማር፡ እቶም፡ ሰብ፡ ነገር፡ በብሸነኾም፡ ዝበደልዎ፡ የቕን ዑ። በቲ፡ ናይ፡ ኮንፈረንስ፡ ሐጹር፡ እንተ፡ ዘይተኻሕሰ፡ ብኮንፈረንስ፡ ጥያቄት፡ ኣብ፡ ምምርማር፡ መናበርቲ፡ ኪ ሐልፍ፡ መሰል፡ ኣለዎ።

፲፫፡

ስለ፡ እዋን፡ ስራሕ፡ ንዐየይቲ፡ ደቂ፡ መሬት፡ መምህ ራን፡ ነንመዓልቲ፡ በብሾብዓተ፡ ሰዓት፡ እዩ፡ ዝዐይዎ። ሐ ሙሽተ፡ መዓልቲ፡ ድማ፡ ንሰሙን፡ እዩ። መጻሕፍቲ፡ ንዝግ ምጥሉ፡ መምህራን፡ ድማ፡ ከምኡ፡ እዩ። ንወንጌላውያን፡ (ሰበኽቲ፡) ከኣ፡ ሐሙሽተ፡ መዓልቲ፡ እዩ፡ ኣብ፡ ሰሙን። እቲ፡ ሳድሳይ፡ መዓልቲ፡ ድማ፡ ሐራ፡ ኣለዎም፡ ዝደልይ ዎ፡ ንኮዳዮም፡ ምእንቲ፡ ኪዓይሉ። እቲ፡ መዓልቲ፡ ሰን በት፡ ግና፡ ኣብ፡ ዘድሊ፡ ዘበለ፡ ኪሰብኩ፡ ስለ፡ መንግስቲ፡ እግዚኣብሄር፡ ኪዝርግሑ፡ ከምዝጋደሉ፡ ይግበሩ።

፲፬፡

እቶም፡ ኣብ፡ ቤት፡ ትምህርቲ፡ ዝዓይዩ፡ መምህራን፡ ብጆካ፡ በቲ፡ እዋን፡ ትምህርቲ፡ ድማ፡ ንስርዓት፡ ትምህር ቲ፡ ቤት፡ ንምሕላው፡ ሐደው፡ በብተራኦም፡ ሐደው፡ ከኣ፡ በብኽፍሎም፡ ይግብኦም፡ እዩ።

books2ebooks.eu

www.books2ebooks.eu

eBooks from your library by

eBooks on Demand

digitised by

National Library of Sweden